# ኣባላት ቤተሰብን ፍቕራትን ንኖርወይ ንክኣትው ዝምልከት ቅጥዕታት ይፋኹስ

Pressemelding/ጋዜጣዊ መግለጺ | Dato/ዕለት: 02.07.2021

ትካል ህዝባዊ ጥዕና ብዝገምገሞም ተቐመጥቲ ሳልሳይ ሃገር (ካብ ኤውሮጳ ወጻኢ ንዝኾኑ ዜጋታት) ካብ ዕለት 5 ሓምለ ንኔው ንኖርወይ ንክኣትው ዕድል ይኽፈተሎም።

ወጻእተኛታት ዜጋታት ኹይኖም ምስ ተቐመጥቲ ኖርወይ ከምዚ ዝስዕብ ዝምድና ንዘለዎም ሰባት ድማ ዝምልከት ይኹውን፡

ልዕሊ ዕድመ ደቅኻን ደቅ ሰብኣይካ ወይ ሰበይትኻ ዝብጽሑኻ ቈልዑ፡ ከምኡ'ውን ወለዲ ንልዕሊ ዕድመ ደቆም ወይ ደቅ ሰብኣየን ወይ ሰበይቶም ዝብጽሑዎም።

- ልዕሊ ዕድመ ደቅኻን ደቅ ሰብኣይካ ወይ ሰበይትኻ ዝብጽሑኻ ቈልዑን፡ ከምኡ'ውን ወለዲ ንልዕሊ ዕድመ ደቆም ወይ ደቅ ሰብኣየን ወይ ሰበይቶም ዝብጽሑዎም።
- ኣቦሓጎን ዓባይን ደቅ ደቅኻን (ንሰብኣይ ኣዴኻ ወይ ኣቦኻ ወለዶምን ከምኡ`ውን ደቅ ሰብኣየን ወይ ሰበይቶም ዝወለዱዎምን እውን ይምልከት)

- ልዕሊ 18 ዝዕድሚኦም ፍቑራት ኣዕሩኽን ትሕቲ ዕድመ ደቆምን። እቲ ፍቕራዊ ዝምድና ብውሑዱ ንትሽዓተ ኣዋርሕ ዝጸንሐን ብኣካል ተራኺቦም ዝፈልጡን ክኾኑ ኣሎዎም። ካብ ንዕለት 5 ሓምለ ዘውግሕ ለይቲ ንኖርወይ ንከይኣትው ዝምልከቶም ዝነበረ ክልከላ የብቅዕ። ዝምልከቶም ሕግታት ውሸባን መርመራ ኮሮናን፡ ቅድሚ ምምጽኦም ምምርማርን ኣብ ዶብ ምምርማርን መገሻዊ ውሸባ ንክውሸቡን ዝብል ሕግታት ከኽብርዎ ድማ ይገደዱ። ኣዕሩኽ ንሃገር ክኣትዉ እንተደኣ ኮይኖም ኣቐዲሙ ፍቓድ ዝተዋህቦም ክኾኑ ኣሎዎም። [Dette skjer gjennom en søknad til Utlendingsdirektoratet (UDI) ንኣብያተ ጽሕፈት ግጉዳያት ወጻእተኛታት (UDI) ዝቐረብ መሕተቲ ወረቐት ዝካየድ መስርሕ መሕተት ከምዚ ይመስ]. እቲ ፍታሕ መስርሕ መሕተቲ ምሉእ ብምሉእ ኣውቶማቲካዊ ኰይኑ ዝሕተት ግብሪ የብሉን። ዝንጸጉ እውን ጥርዓን ንከቕርቡ ዘውሃብ ዕድል የለን። ንቀረባ ኣባላት ቤተሰብ ዝኾኑ ድሮ ሕጂ ንኖርወይ ንክኣትው ዕድል ተኸፊቱ ኣሎ፡ ኣባላት ብቤተሰብ ክብሃል እንከሎ ከምኒ ሰብ ቃልኪዳን፡ መጻምድቲን ትሕተ ዕድመ ዝኾኑ ቈልዑን ዘማልአ ኢዩ።

ትካል ህዝባዊ ጥዕና ካብ ኤውሮፓዊ ሕብረት ወጻኢ ንዝርከባ ሃገራትን ቦታታትን ኣብ ሊስታ ሳልሶት ሃገራት ሰፈረን ዝርከባ ንኖርወይ ንምእታው ካብ ናይ ካልኦት ሃገራት ዝምልከተን ቅጥዒታት ክፋኹሰለን ይኽእል ኢዩ ዝበለን ሃገራት እዘን ዝስዕባ ይኹና፡

- Australia/ኣውስትራልያ
- Israel/እስራኤል
- Japan/ጃፓን
- Libanon/ሊባኖስ
- Nord-Makedonia/ሰሜናዊ-ማቀዶንያ
- Serbia/ሰርብያ
- Sør-Korea/ደቡብ-ኮርያ
- USA/ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ
- Singapore/ሲንጋፖር
- Taiwan/ታይዋን